ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት

حزب النهضة الإرتري- الأساس

Eritrean Nahda Party- Meseret

# ስሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት (ጨንፈር ጅዳ) ዕዉት ጉባኤ ኣካይዱ!!

መቀጻልታ ናይቲ ዕዉት ሳልሳይ ጉባኤ ፡ ኣባላት ፈጻሚት ሸማግለን ማእከላይ መሪሕነትን ሰልፊ ዝተረኸብዎ፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ (መሰረት) ጨንፈር ጅዳ ብጅምዓት 30/11/2018 ዕዉት ጉባኤ ኣሕሊፉ። ኩሎም ተጋባእትን፡ መሪሕነት ሰልፍን ከምኡውን ዑዱማት ኣጋይሽን ምስ ተረኽቡ ኣቦ-ወንበር ኣሳናዳዊ ሸማግለ ጉባኤ ብዕሊ ከፊትዎ።

ጉባኤ ብዕሊ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ ነኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ሸማግለ ሓው ኣንዋር ኢብራሂም (ኣቡ ረያን) ወኪሉ ንጨንፈር ጅዳ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም ዝብል መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ ንጉባኤ ኣመልኪቱ ድማ ዕዉት ክኸውን ትምኒቱ ገሊጹ።

ድሕሪ'ዚ ኣሰናዳዊት ሸማግለ፡ ጉባኤ ንምድላው ዘካየደቶ መስርሕ ብዝርዝር ንጉባኤኛታት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራባ፡ ኣጀንዳ ናይ ጉባኤ ንተጋባእቲ ምስ ኣላለየት ቀጥታ ናብ መደብ ኣተወት።

እቲ መደብ ከም ልሙድ ብኣቦ-ወንበር ጨንፈር ንፕፈታውን ቁጠባውን ጸብጻብ ቀሪቡ፡ ዘድሊ ክትዓትን ምጽብጻብን ምስ ተኻየደሉ ድማ እቲ ጸብጻብ ብተጋባእቲ ጸዲቑ። ስዒቡ ነቲ ኣብ ጉጅለታት ዝተዛተየሉ ውሽጣዊ ሕጊ ጨንፈር ዘድሊ ምምሕያሻት ምስ ተገብረሉ ብድምጺ ኣጽዲቑ።

ኣብ መንጎ ሓሓሊፉ፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፍን ካልኦት ኣባላት ፈጻሚትን ማእከላይ መሪሕነትን ከምኡውን ግዱሳት ኣሕዋትን እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም ንምባል ብዝተፈላለየ ኣገባብ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ተጋባእቲ ድሕሪ ናይ ድራር ዕረፍቲ፡ ንጨንፈር ትመርሕ 5 ሓዳስ ኣባላት መሪሕነትን 2 ተጠባበቕትን መሪጾም። ብዘይካ'ዚ ነቲ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝተወሰነ መስርሕ ናይ ሓድነት ኣብ መጨረሽትኡ ንምብጻሕ መሪሕነት ሰልፊ ምእንቲ ዕላማናን ሓድነት ህዝብናን ኩሉ ሕድገታት ክገብሩ ሓያል ለብውኡ ኣማሓላሊፉ።

ኣብ መጨረሽታ፡ ቁጠባ ሰልፊ ንምሕያል ተባሂሉ ሓዲሽ ናይ ወፈያ ሳንዱቕ ድሕሪ ምምስራት፡ ካብ ተጋባእትን ተሳተፍቲ ጉባኤን ዝተፈላለየ ለበዋታት ድሕሪ ምስማዕ ጉባኤ ብዓወት ተዛዚሙ።

**ዓወት ንውጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና: ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !!!**

**ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን**
**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት**
**01-12-2018**

Head Office: Middle East
Main Branch: Unit 3, 15A Whitmore Road, Birmingham B10 00NR, United Kingdom, Email: enpmeseret@gmail.com 